# <u>ቅዱስ ጊዮርጊስ (23 ሚያዝያ)</u>

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን !!

23 ሚያዝያ መዓልቲ ዝኽሪ ሰማእት ቅዱስ ጊዮርጊስ ነብዕለሉ (ንዝክረሉ) እዩ !! ንምንታይ 23 ሚያዝያ ብፍሉይ ንዝክሮ ፤ ኣብዚ መዓልቲ'ዚ (23ሚያዝያ) ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብመገዲ ቅዱስ ጊዮርጊስ ሰማእት ዓበይትን ኣገረምትን ትእምርትታት ዝፈጸመሉ መዓልቲ እዩ !! ንሕና ኦርቶዶክሳውያን ክኣ እቲ ንሰማእታትን ጻድቃናትን ንህቦም ኣኽብሮት ካብ ዜሮ ተበጊስና ዘይኮነስ መጀመርያ ጎይታ ስለ ዘኽበሮም ፡ ከምኡውን ከምቲ ጎይታ ብፍሪኦም ከተለልይዎም ኢኹም ዝበለና ፈሪኦም መለለዪ እምነቶምን ጽንዓቶምን ስለዝኾነ እቶም ምስ እግዚኣብሄር ናይ ቀረባ ርክብ ዝነበሮምን ዘለዎምን ኣቦታትና ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ሓንቲ ከየጕደሉ ምሂሮም !! ኣብዚ ግዜና ኸኣ እቶም ስም ክርስትና ሒዞም ናይ ሓሶት ትምህረቲ ዝምህሩ (መናፍቃን) ክብረ ቅዱሳንን ጻድቃናትን ሰማእትን ስኣን ምፍላጥ ንርእሶም ክፍተኑ ንኣመንቲ ኣብዘየድሊ ጥርጣረ ንምውዳቕ ይጋደሉ ኣለዉ ! እቲ እምንተ ዘይጸንሖ ክወድቕ ከሎ እቲ ንክሉ ክፈልጠ ዘይክኣለ ኣማኒ ኸኣ ይጠራጠር ምጥርጣር ክኣ ምንፍቕና እዩ !! መናፍቕ ካብ ምኧን ንኽትድሕን ክኣ ነቦታትን ኣሕዋትን ምሕታት ንሂውትካ ካብ ጥፍኣት ምድሓን ስለዝኾነ ናብቶም መፍትሕ መንግስተ ሰማያት ዝተውሃቦም ፡ ኣባጊዐይ ጓሰዩ ዝተብሃሉ ሊቃውንት ኣቦታት ንቕረብ !!!

ናይ ቅዱስ ጊዮርጊስ ሰማእት ታሪኽ ኣብዚ ዕለትዚ (23 ሚያዝያ ) ከምዚ ይመስል ንምሉእ ትሕዝቶ መጽሐፈ ስንክሳር 23 ሚያዝያ ንመልከት ፡ ነቦታት እንተ ሓተትናውን እኹል ሓበሬታ ክንረክብ ንኽእል ኢና !! ኣብዚ ዕለት'ዚ መፈጸምታ ናይቲ ጽሓይን ኮኾብ ጽባሕን ዝተሰምየ ቅዱስ ጊዮርጊስ ፍጻሜ ምስክርነቱ ኮነ !! ቅዱስ ጊዮርጊስ ኣብኡ ካብ ሃገር ቀጶዶቅያ ኮይኑ መስፍንዩ ፡ ኣዲኡ ኸኣ ካብ ሃገረ ፍልስጤም ኮይና ቴዎብስታ ትብሃል ፡ ኣብኡ ኸኣ ቅዱስ ጊዮርጊስ ብንእሽትኡ ከሎ ዓረፈ ።
ቅዱስ ጊዮርጊስ ወዲ 20 ዓመት ምስኮነ ሽመት ናይ ኣብኡ ክቕበል ናብ ንጉስ ዱድያኖስ ከደ ፡ እቲ ንጉስ ክኣ ነቶም ህዝቢ ናብ ጣኦት ከምልኹ ከገድዶም ጸንሖ ፡ ቅዱስ ጊዮርጊስ ብዙሕ ሓዚኑ ዝነበሮ ገንዘብ ነቶም ድኻታትን መሳኪንን ሂቡ ነቶም ባሮት ነጻ ኣውጽኦም ። ኣብ ቅድሚ ነጉስ ቀሪቡ ኸኣ ብኽቡር ጎይታናን መድሓኒናን ተኣመነ ፡ ንጉስ ብዙሕ ኪዳን ኣተወሉ ቅዱስ ጊዮርጊስ ኣይተቐበሎን። ንምስማዑ ዘጨንቕ ስቓይ ኣሳቐይዎ ጎይታ ግን የጸናንዖ ቁስሉ የሕውየሉ ነበረ ። ሰለስተ ግዜ ከም ዝመውትን ጎይታ ባዕሉ ከምዘተንስኦን ኣብ ራብዓይ ክኣ ኣኽሊል ከምዝቕበል ነገሮ ። ስሙ ኣብ ዓለም ከምዝግለጽ ኣብ ገድሉ ጽኑዕ ብዝኾነ መከራን ስቓይን ን 7 ዓመት ከምዝነብር መልኣኽቲ ከምዘገልገልዎን ነገሮ ኺዳን ክኣ ሃቦ ። ንጉስ ክኣ ቅዱስ ጊዮርጊስ ብዘይ ምእዛዙ ብዙሕ ስለ ዝሓዘነ ኣትናስዮስ ዝባሃል ሰራዩ ኣምጺኡ መርዚ ኣቃሚሙ ኣብ ጽዋእ መሊኡ

**ኣስማት ደጊሙ ንቅዱስ ጊዮርጊስ ሃቦ ፥ ምስ ሰተዮ ብቕልጡፍ ዝመውት መሲልዎ ነበረ ቅዱስ ጊዮርጊስ ምስ ሰተዮ ግን ምንም ጉድኣት ኣየውረደሉን ። እቲ ሰራዪ ኸኣ ጎይታ ኣሚኑ ብሰማእትነት ሞተ ፥ ምስኡ ኸኣ ብዙሓት ብሰማእት ሞይቶም ኣኽሊል ተቐበሉ ፥ ቁጽሮም ከኣ 30,700 እዩ ። ቅዱስ ጊዮርጊስ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ዱድያኖስን ሰብዓ ነገስታትን ምስቆመ ነቲ ኮፍ ኢለሙሉ ዝነበሩ ናይ ዕንጨይቲ መናብር ፥ እዚ ኮፍ ኢልናሉ ዘለና መናብር ክበቑሉ ፥ ክዕንብቡ ፥ ክፈርዩ ክትገብሮም ንደሊ ኣለና በለዎ ፥ ቐዱስ ጊዮርጊስ ከኣ ጸልዩ ከምቲ ዝበልዎ ገበረ ፥ ነዚ ዘገርም ርእዮም ከኣ ብዙሓት ብጎይታ ኣመኑ ። ደሕር'ዚ ንቅዱስ ጊዮርጊስ ኣብ ዓሚቕ ሓጺን (ድስቲ) ኣብሲሎም ፥ ኣሕሪሮም ፥ ስግኡን ኣዕጽምቱን ጥሒኖም ሓሙኺስቲ ገይሮም ኣብ በሪኽ ኣምባ ዘረውዎ ። ጎይታ ከኣ ስግኡ መሊሱ ኣተንስኦ ፥ ኣብ ቅድሚ ነገስታት ቀሪቡ ኸኣ ብ ስም ክቡር ጎይታ ኢየሱስ ሰበኸ ፥ ቁጽሪ ዘይብሎም ከኣ ብ ጎይታ ኣሚኖም ብሰማእትነት ሞቱ !!**

**እ**ቶም ነግስታት መሊሶም ምዉታት እንተ ኣተነሳእካ ኣምላኽካ ሓቀኛ ምዃኑ ክንኣምኖ ኢና በልዎ ። ቅዱስ ጊዮርጊስ ከኣ ጸልዩ ካብ ጉድጓድ ኣወዳትን ኣዋልድን መንእሰያትን ኣተንስኣሎም ፥ እቶም ዝተንስኡ ኸኣ ብስም ጎይታ ሰበኹ፡ ናይ ግሃነም ዜና ኸኣ ነገሩ ጥምቀት ተቐቢሎም ከኣ ተመሊሶም ዓረፉ። እቶም ክሓድቲ ነገስታት ግን ረቀቕቲ ሰይጣውንቲ ኣርኢኻና'ምበር ምዉታት ኣየተንሳእካን ኢሎም ተኸራኸርዎ፡ ዝገብርዎ ምስጠፍኦም ከኣ ንክትሕልዎ ናብ ሓንቲ ድኻ ሰበይቲ ኣርከብዎ፡ ንሳ ዝብላዕ ክትልምነሉ ምስወጸት ከኣ መልኣኽ እግዚኣብሄር ወሪዱ ካብ ኩሉ ሰናይ ዝመልአ ምኣዲ ኣቕረበሉ፡ኣብቲ ገዛ ዝነበረ ዓንዲ ኸኣ ጨንፈር ኣውጺኡ ዓቢ ገረብ ኮነ ። እታ ሰበይቲ ምስተመለሰት እቲ ዝኾነ ትእምረቲ ርእያ ናይክርስትያን ኣምላኽ ሰብ መሲሉ ገዛይ መጺኡ በለት። ቅዱስ ጊዮርጊስ ከኣ ኣነ ኣምላኽ ኣይኮንኩን! ናይ ኣምላኽ ባርያ እየ በላ፡ ንሳ ኸኣ ናይ ኣምላኽ ኣገልጋሊ እንተ'ኼንካ ምሕረትካ እልምነካ፡ ዕዉር ፥ጸማም ፥ ዓባስ ፥ ጎባጥ ዝኾነ ውላድ ኣለኒ'ሞ ከተሕውየለይ እልምነካ'ለኹ በለቶ ። ብእምነት ክርስቶስ ምሂሩ ከኣ ብትእምርተ መስቀል ኣማዕተቦ ዓይኑ ተኸፊትሉ ኸኣ ረኣየ፡ ቅዱስ ጊዮርጊስ ከኣ ነዲኡ ካልእ ግዜ ከምዝሰምዕ፡ ከምዝዛረብ፡ ከምዝኸይድ ንኸገልግለኒ እደልዮ እየ በላ።

**ኣ**ብቲ ግዜ ንጉስ ከዛወር ከሎ ነታ ገረብ ርእዩ ተደነቐ፡ ብዛዕብኣ ምስሓተተ ቅዱስ ጊዮርጊስ ዝተቐመጠላ ናይታ ድኻ ሰበይቲ ናይ ገዝኣ ዓንዲ ከምዝኾነ ነገርዎ፡ ንጉስ ብቕጥዓ ንቅዱስ ጊዮርጊስ ካብኡ ወሲዱ ኣግረፎ፡ ኣብ መንኮራኹር (ዓንኬል) ኣዞረዎ ምስሞተ ካብ ከተማ ኣውጺኦም ደርበይዎ፡ ጎይታ ካብ ሞት ኣተንስኦ፡ ናብቶም ነገስታት ምስተመለሰ ንጉስ ርእዩ ደንገጸ፡ ንሂወቱ ኸኣ ኣድነቐ። ድሕርዚ ንጉስ ብዘረባ ከታልሎ ኣብ መንግስቱ ካልኣይ ክገብሮ ቃል ኣቲሉ፡ ቅዱስ ጊዮርጊስ ከኣ እናቃለለ ጽባሕ ንግሆ ንኣማልኽትኻ መስዋእቲ ከቕርብ'የ ህዝቢ ክስውእ ከለኹ ንኽርእዩኒ ክእከብ አዝዞም በሎ። ንጉስ ብሓቂ ዝስውእ መሲልዎ ተሕጉሱ ኣብ ቤተመንግስት ወሲዱ ኣሕደሮ። ቀዱስ ጊዮርጊስ ንጸሎት ተንሲኡ መዝሙር ዳዊት ኣንበበ ሰይቲ ንጉስ ዱድያኖስ ንግስቲ እለስክንድርያ ቃሉ ደስ ኢልዋ ንኽትርጉመላ ለመነቶ ንሱ ኸኣ እግዚኣብሄር ዓለም ካብ ዝፈጠረሉን ሰብ ክሳብ ዝኾነሉን ኩሉ ዝኾነ ክገልጸላ ምስጀመረ ትምህርቱ ኣብ ልባ ተቐሪጹ ብናይ ክብሪ ጌታ ኣመነት ።

**ም**ስወግሐ ህዝቢ ቅዱስ ጊዮርጊስ ንኣማልኽቶም ክስውእ ክርእዩ ህዝቢ ንኽእከቡ እናዞሩ ተነግረ እታ ኣብ ገዝኣ ተኣምር ዝተገብረ ድኻ ሰበይቲ ኸኣ ሰሚዓ ጉህያ እናበኸየት ወዳ ሓዚላ ወጸት። **ቅ**ዱስ ጊዮርጊስ ምስርኣያ ክምስ በለ፡ ወድኺ ኣብ መሬት ኣንብርዮ በላ ንወዳ ኸኣ ጸዊዑ ናብ ኣጽሎን (ጣኦት) ኪድ ናባይ ክመጽእ ከኣ ብስም ክቡር ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣዝዞ በሎ፡ እቲ ወዲ ሓውዩ ከምቲ ቅዱስ

ጊዮርጊስ ዝበሎ ናብቲ ቦታ ጣኦት ከይዱ ኣዘዞ። እቲ ኣብ ጣኦት ዝሓደረ ርኹስ መንፈስ ካብ መሕደሪኡ ወጺኡ ኣብቲ ቅዱስ ጊዮርጊስ ዘለዎ ብምምጻእ ኣነ ንኹሉ ሰብ ዘስሕት እምበር ኣምላኽ ኣይኮንኩን ኢሉ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ህዝቢ ኣመነ። ቅዱስ ጊዮርጊስ መሬት ንኽትውሕጦ ኣዘዛ ከመቕጽበት ውሓጠቶ ነቲ ጣኦት ምስ ኣገልገልቱ ኣጥፍኣቶም፡ ንጉስ ምስ ወገኑ ሓፈረ። ብብስጭትን ቁጥዐን ናብ ንግስቲ ምስ ከደ ኣምላኾም ሓያል ጽኑዕ'ዩ ክርስትያን ኣይትጽልኣዮምዶ ኣይበልኩኻን ምስበለቶ ተቖጥዐ ኣብ እምነት ክርስቶስ ቅዱስ ጊዮርወጊስ ክምዘአተዋ ኽኣ ፈለጠ። ጎቲቶም ካብ ከተማ ኣውጺኦም ብመጋዝ ክቖርጽዋ ኣዘዘ፡ ኣኽሊል ሰማእታት ኣብ መንግስተ ሰማያት ተቐበለት። እቶም ነገስታት ዝገደደ ሕፍረት ንኸይወርዶም ንቅዱስ ጊዮርጊስ ርእሱ ብሴፍ ክቖርጽዎ ክጽሕፈሎም ንንጉስ ዱድያኖስ መኸርዎ ። ንጉስ ርእሲ ቅዱስ ጊዮርጊስ ብሴፍ ክቖርጹ ኣዘዘ ቅዱስ ጊዮርጊስ ከኣ ተደሰተ፡ ናይ ክርስትያን መከራ ክእለየሎም ሓዊ ካብ ሰማይ ወሪዱ ነቶም ሰብዓ ነገስታት ከቃጽሎም ናብ ክቡር ጎይታ ለመነ ሓዊ ካብ ሰማይ ወሪዱ ከኣ ነቶም ሰብዓ ነገስታት ኣቃጸሎም።

**ድ**ሕሪ'ዚ ክቡር ጎይታ ተገሊጹ ንቅዱስ ጊዮርጊስ ኪዳን ሃቦ፡ ኣብ ምድሪ ዝኸርኻ ንዝገበሩ ኩሉ ሓጥያቶም ክድምስሰሎም'የ ፡ ኣብ ግዜ መከራ ኣብ ባሕሪ ፡ ኣብ መሬት፡ ወይ ብሕማም ብስምካ ንዝለምነኒ ቀልጢፈ ከድሕኖ'የ! ጎይታ እዚ ኢሉ ንሰማይ ዓረገ ። ድሕሪዚ ቅዱስ ጊዮርጊስ ርእሱ ኣድነነ፡ ብሴፍ ቆረጽዎ ኣኽሊል መንግስተ ሰማያት ተቐበለ፡ ካብቶም ዝተረፉ ኣገልገልቱ ስጋኡ ብኣልባስ ጠቕሊሎም ናብ ልዳ ሃገሩ ወሲዶም ቤተክርስትያን ሰሪሖም ኣብ ውሽጣ ኣንበርዎ፡ ካብኡ ኻኣ ብዙሕ ክቁጸር ዘይክኣል ተኣምር ተገብረ !!

ንእግዚኣብሄር ምስጋና ይኹኖ፡ በረኸቱን ረድኤቱን ናይ ቅዱስ ጊዮርጊስ ምስ ኩላትና ክርስትያን ይኹን ፡ ካብ ናይ ስጋን ነፍስን መከራ ንዘልኣለም ይሓልወና ኣሜን !!!